## ኣኼባ ዕለት 24.03.2007
## ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት - ጀርመን

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 26.03.2007

ብምምሕዳር ዞባ ጀርመን ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝተጸውዐ፡ ኣባላት መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብጸይ ንጉሰ ጸጋይን ተኽለሰንበት ተኽላይን ዝመርሕዎ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ብዕለት 24 መጋቢት 2007 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ተሰላሲሉ። ዕላማ ናይቲ ኣኼባ ኣብ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጸደቁ ንውድብን ንሃገርን ዘገድሱ ሓደስቲ ውሳኔታት ምስ ህዝቢ ንምልላይን ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝተሰላሰለ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን መሪሕነት ኣብ ምምራጽ ዝተራእየ ኣሉታዊ ተረኽቦን ኣተሓሕዝኡን ዝጠመተ ኣኼባ ኢዩ ነይሩ። ኣብዚ ዝናኣድ ተሳትፎ ኣኼበኛታት ዝተራእየሉ ኣኼባዚ፡ ኣብቲ ከባቢ ካብዝርከቡ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን፡ ሰልፍን፡ ምንቅስቓሳትን፡ ግዱሳት ውልቀ-ሰባትን ኣባላት ሰቪካዊ ማሕበራትን ቦታዊ ናይ ራድዮ ፈነዋ ትካልን ምስታፎም ዝፍለዋ ኢዩ።

እቲ ኣኼባ ብብጻይ ተኽለዝጊ ምኪኤልን ተስፋማርያም ክብራኣብ ኣቦ-መንበር ምምሕዳር ሽማግለ ሌላን ምርግልርጽንዩ ተጀሚሩ። ቀጽሉ ተጋዳላይ ንጉሰ ጸጋይ 6ይ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡

1. ኣብ ኤርትራ ብሓይሊ ብረት በቕሉ ንዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንምውጻቕ ክኽተሎ ዘለዎ ኣገባብ ኣቀላልሳ፡
2. ንኣቃውማን እምነታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ግጉይ ፖሊሲታትን ተግባራትን ስርዓት ህግዲፍ ዝፈጠሮ ዘይምትእምማንን ምጥርጣርን ወጊዱ፡ ኣብ መጻኢት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ መንገዲ ስኒትን ሰላማን ከረጋግጽ ዝኽእል ስርዓተ ምሕደራን፡
3. ንጉዳይ መሬት ብዝምልከት፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ 1994 ዘውጽኦ መግለጺ፡ ከምኡውን ፈጻሚ ሽማግለ ኣብ ጉንበት 2000 ዓ,ም ዘውጽኦ ንመሬት ዝምልከት ኣዋጅን ብምጥቃስ፡ ሕጂውን እንተኾነ፡ ዋንነት መሬት ኣብ ኢድ ህዝቢ ይጸንዕ፡ ብህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት መሬቶም ዝተመንዝዖም ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ መሬቶም ክምለሰሎም ምዃኑ ዘረጋግጽ ውሳኔን፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ብኹለን ኣባላት ኪዳን ዝኾና ውድባት ቅቡል ኰይኑ ኣብ ዓንቀጻቱ ምስፋሩን፡
4. ኣብ ምጣኔ ሃብታዊ መዳይ እንተኾነውን ምስቲ ኣብ ሰብዓታት ዝነበረ ተመኩሮን ድልየትን ብምዝማድ፡ ኣብ ሃገርና ምዕባለን ዕብየትን ዘረጋግጽ፡ ናይ ኤርትራውያንን ወጻኣተኛታት ርእሰማል ኣብ ሃገርና ንምውፋር ዝሕግዝ፡ ናይ ዕዳጋ ምጣኔ ሃብቲ ቅዋም ምዃኑ ጉባኤና ንብዙሕ ካልኦት ምኽንያታት ምውሳኑ፡
5. ንምቛም ሰልፊ ብዝምልከትውን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኣብ 1991 ዘሕለፎ ውሳኔን፡ ከተግብሮ ዘይካኣለ ወድዓውን በዓል-ቤታውን ዓቅምታት ብምሕባር ሕጂ ግን ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክሰላሰል ዘለዎ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ዘረጋግጽ ምስ መደብ ዕዮናን ኣረኣእያናን ዝመሳሰል መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባትን፡ ሰልፍታትን፡ ምንቅስቓሳትን፡ ሰቪካዊ ማሕበራትን፡ ጉጅለታትን ውልቀ-ሰባትን ካብ ምስንዳእ ክሳብ ምቛሙ ተሓባቢሩ ዝቐውን ሰልፊ፡ ንክህሉ ጉባኤ ምውሳኑን ምስናይ ምኽንያታቱን ብኻልኦት ዝቐርብ ምስምሳትውን ብኣብነታት ኣሰንዩን ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።
6. ብጉዳይ ኤርትራዊ ኪዳን ንተኾነውን፡ ኣብ 1999 ምሕዝነት ክቐውም እንከሎ ዝነበሮ ሕጽረታትን፡ ንምስትኽኻሉ ዝተኻየደ ጻዕርታትን ዘስዓቦ ናይ ምምራሕ ሽግራትን፡ ኪዳን ክቐውም እንከሎውን ዝጸንሐ ጸገማት ምሕዝነት ሓቂፉ ክኸይድ ምጽንሑን፡ ሕጽረታቱ ንምእራም ኣብ ውሽጢዚ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተኻየደ ጻዕርታትን፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐ ቻርተር መርኣያ ምዕባለን ተቐይሮን እኺ እንተነበረ፡ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዘርኣዮ ፍሽለት፡ ንትጽቢታት ህዝብና ብሓፈሻ ንደምበ ተቓውሞ ድማ ብፍላይ ዝሃረመ ኣሕዛኒ ተረኽቦ ምዃኑ፡ ይኹንምበር እቲ ኣብ ጉባኤ

ኪዳን ዝጸደቐ ቻርተር ናይ ኩለንተን ኣብ ምቛሙ ዝተሳተፋ ውድባትን ሰዓብተንን ስለዝኾነ፡ ኣብ ክንዲ ምስሕሓብን ምትፍናንን፡ ንምዕዋቱ ሕድሕድ ምጽውዋርን ምትሕግጋዝን ከምዘድልየን ዘገንዝብ ሓሳባት ድሕሪ ምግላጹ፡ ብተሳተፍቲ ኣኼባ ብዝቐርቡ ሕቶታት ዝያዳ ንምብራህ መድረኽ ንኣኼበኛታት ተራ ንምሃብ ተገድፈ።

ኣኼበኛታት ኣብ ምቛም ሰልፍን ጉዳይ ኪዳንን ኣመልኪቶን፡ ምስ ዝሓለፈ ኣብ ውሽጢ ውድባት ዝጸንሐ ምስጢራውያን ሰልፍታትን ዘለዎም ስክፍታታትን ብምዝማድ ነቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ናይ ፓርቲ ምቛም መስርሕ ምስናይ ስክፍታታቶምን ጠርጠራታቶምን ብሕቶን መልስን መልክዕ ሰፊሕ ልዝባት ኣካይዶም። ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተራኣየ ምክፍፋል ኣዝዩ ዘሕዝን ተረኺቦ ምንባሩን፡ ሕጂውን ተጸዋዊርካ ኣብ ምኻድ ክግበር ዘለዎ ጻዕርታትን፡ ውድባት ኣብ መግለጺታተን ዘውጽእኦ ምጽውዋርን ልዝብን ሕድገታትን ዝብል ብሂላተን ብቐዳምነት ንባዕለን ከተግብርኦ ከምዘለወንን፡ ገና ሕጂውን ኣብ ቻርተር ኮነ ኣሰራርሕኡ ሃጓፋት ከምዘለዎን ክምላእ ከምዝግባእን ዝጠመተ ኣገደስቲ ክታዓት ዘበርከተ ኣኼባ ኢዩ ነይሩ። ውድባት ናይ ህዝቢ ስሕበት ክህልወን እንተኾይኑውን፡ ኣብ ሕድሕደን ስኒት ክህልወን ከምዝግባእን ሓባራዊ ስራሓት ከካይዳ ከምዘለወንን፡ እቶም ኣብ ግናዓት ተኸፊልኩም ዘለኹም ውድባት ኪዳን ንቅድሚት ክደፍእ ዝኽእል ተግባራዊ ስጉምትታት ወሲዶም ምናልባሽ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ምድሓን ጻዕርታቶም ከኻዕ ብቱ እንተዘይኮይኑ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ናይ ምምራሕ ኩርሲ ከሳሓሕብ ከምዘይግባእ ዘመልከተ ዝቐረበ ሰፊሕ ልዝብን ሓሳብን ምስናይ ዝተዋህቦ ኣዕጋቢ መልስታት ኣገዳሲ ንድሕነትን ሓልዮትን ህዝብን ሃገርን ዘመዘነ ኣኼባ ምንባሩ ኢዩ ዝፍለጥ።

ኣብ መጠረስታ ኣኼበኛታት፡

1. ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግዲፍ፡ ዝቕውም መሰጋገሪ መንግስቲ ኣብ ክንዲ ብመራሕቲ ኪዳን ዝኸውን ካልኦት ኪኢላታትን ለባማትን ከሳትፍ ብዝኽእል ዓንቀጽ ኝክትካእ፡
2. ውድባት ኤርትራ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኣብ ቃልሲ ይሳተፍ የለን ወይ ክሳተፍ ኣለዎ ዝብላ፡ እቲ ንህዝቢ ኣብ ቃልሲ ኘኸይሳተፍ ዝገብሮ ዘሎ ምኽንያታት ብግቡእ ከጽንዕኦ ከምዘለወንን፡
3. ህዝቢ ኩነታት ሃገሩ ስለዝፈልጥ፡ ግዳይ ናይቲ ሕሰማትውን ይኸውን ስለዘሎን፡ ነቲ ናይ ውድባት ውሽጣዊ ጸገማት ኣለልዩ፡ ተሳትፍኡ ከበርክትን፡ ኣብ ጉዳዩ ጓና ክኸውን ከምዘይግባኣን
4. ኪዳን ብሓደ ክኸይድ ካብዘይካኣለ፡ እቲ ክልተ ግናዓት ተግባራዊ ስጉምትታት ወሲዱ በብመንገዱ ኣባላቱ ጠርኒፉ ኣብ ስራሕ ክጽመድ ከምዝድለ፡

ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ንቃልሲ ሓገዝቲ ዝኾኑ ለበዋታት ብምቕራብ ኣኼባ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምዝተደምደመ ተሓቢሩ።